# ዜናዊ ሓተታ

## እቲ ሓቂ ኣበይ ኢዩ ዘሎ?

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
### 12.02.2005

ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ (IMF) ፡ ኤርትራ፣ ነቲ ዓሚቕ ዝኾነ ምጣነ-ሃብታዊ ጸገማታ ቅድሚ ምፍትሓ፤ ናይ ዶብ ወጥሪ ክፍታሕ ኢላ ክትጽበ የብላን ክብል ብረቡዕ 9 ለካቲት 2005 ካብ ዋሽንግተን መግለጺ ኣውጺኡ።

ካብ 1998-2000 ዓ.ም ብሰንኪ ዶብ ኣብ ውግእ ዝኣተዋ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጐረባብቲ ዝኾና ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ነቲ ዘሳሓሕብ 1000 ኪሎ ሚተር ዝኸውን መሬት ንምጥራር ጌና ኣይበቕዓን ዘለዋ።

ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፣ እዛ ሓንቲ ካብተን ድኻታት ሃገራት ዓለም ዝኾነት ኤርትራ፣ ነቲ ሕርሻዊ ምጣነ-ሃብታ ብዝተኻእለ መጠን ካብቲ ዶባዊ ጐንጽታት ከተላቕቖ፤ ጽገናታት እናገበረት ንቕድሚት ክትጓዓዝን ክትክእል ኣለዋ ኢሉ።

ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ “ናይ ዘይውግእ ወይ ዘይሰላም” ሃለዋት ከምዚ ዘለዎ እንተደአ ቀጺሉ፣ እቲ ናይ ወተሃደራት ምጥያስ ዝብል መደብ ዕዮን፤ ናብ ሰላማዊ ምጣነ-ሃብታዊ መስርሕ ምእታውን ክደናጐ ኢዩ” ክብል ኣብቲ ንኤርትራ ዝምልከት ዓመታዊ ደብጻቡ ገሊጹ።

“ኣርሒቕካ ክርአ እንከሎ፣ ናይ ዶብ ወጥሪ ዘላቒ ፍታሕ ክረክብ ኣገዳስነት ከምዘለዎ እኳ ኣብ ግምት ዝኣቱ እንተኾነ፤ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ነቲ ህልዊ ምጣነ-ሃብታዊ ኩነታት ዘምሓይሽ ተግባራዊ ስጕምታት ክወስዱን፤ ኣብ ግዜ ሰላም ክረጋግጽ ንዘለዎ ቀጻሊ ዕብየት መሰረት ክንብሩን ኣካየድቲ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ጸዊዖም”።

እዚ ኣብ ዋሺንግተን ዝመደበሩ ንልምዓታዊ መደባት ገንዘብ ዘለቅሕ ትካልዚ፣ ብሰንኪቲ ተፈጢሩ ዘሎ “ናይ ዘይሰላም ዘይውግእ ሃለዋት” ኤርትራ ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነ ምጣነ-ሃብታውን ማሕበራውን ዋጋ ትኸፍል ኣላ። ከምኡ ውን፣ እቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘጋጠመ ድርቂ፣ ነታ ብዓብላልነት ምጣነ-ሃብታ ኣብ ሕርሻ ዝምርኮስ ሃገረ ኤርትራ ተወሳኺ ማህሰይቲ ኣውሪዱላ ኢዩ ኢሉ።

“ብሰንኪ እናስፋሕፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ቀጻሊ ድኽነትን፥ ብሰንኪ ግዙፍ ዝኾነ ወተሃደራዊ ወጻኢታትን፥ ሕጽረት ዓመታዊ ባጀትን፥ መንግስታዊ ዕዳን፥ ኩነታት እታ ሃገር ክጽወር ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ኢዩ በጺሑ ዘሎ” ክብል ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ገሊጹ። ከምኡ ውን፣ ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ክብ ዝበለ ዝቕበባን፣ ኣብ ቀጻሊ ምንቅጥልቃል ዝርከብ ሰደድን ኣህጉራዊ ዕቑር ገንዘባን የሻቕሎ ከምዘሎ እቲ ናይ ገንዘብ ትካል ኣፍሊጡ።

ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ዝወጽእ ገንዘብ ምንካይ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ባጀት ናይታ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ጸቕጢ ከቃልሎ ይኽእል ኢዩ። ብተወሳኺ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣቀራርጻ ፖሊሲታቱ ግሉጽ ክገብሮን፤ ኣብ ልዕሊ ምጣነ-ሃብቲ ናይታ ሃገር ዝገብሮ ዘሎ ኣድላዪነት ዘይብሉ ቊጽጽርን ከልግሶን ይግባእ ክብል ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ደረጃ ወለድን ናይ ሸሪፌ ለውጥን ውን ብሕግታት ናይ ናጻ ዕዳጋ ዝውሰን ክኸውን ማእከላይ ባንክ ኤርትራ ከፍቅድ እቲ ትካል ጸዊዑ።

"ናይ ለውጢ ደረጃ ምምዕርራይ ኣብ ልዕሊ ዋጋ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኣቕሑ ክመጽእ ንዝኽእል ሳዕቤናት ንምንካይ፡ መንግስቲ ንሓጺር ግዜ፡ ግሉጽን ንጹር ዕላማን ዘለዎ ድጎማ (subsidy) ክገብር ይኽእል ኢዩ" ውን ኢሉ።

ልዕሊ ፍርቂ ዝኸውን ህዝቢ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ መዓልቲ ካብ ሓደ ዶላር ንታሕቲ ዝኸውን ኣታዊ ኢዩ ዘለዎ። ብመሰረት መዐቀኒታት ናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ሰብኣዊ ምዕባለ ትካል፡ ኤርትራ ካብ 177 ሃገራት ኣብ መበል 156 ኢያ ትርከብ ብምባል ሎራ ማክኢኒስ ካብ ዋሺንግተን ጸብጻባ ዛዚማ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ 16% ካብ ሕጻናት ኤርትራ፡ ብሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ከምዚሳቐዩ ብደረጃ ኣፍሪቃ እቲ ዝለዓለ ኣሃዝ ምዃኑን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ 14 ታሕሳስ 2004፡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ንጉዳይ ሕጻናት ዝከታተል ትካል (ዩኒሰፍ) ኣብ ኣስመራ መግለጺ ከምዘውጸአ፡ ኤ.ኤፍ.ፒ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ሓቢሩ።

ኣብ ኤርትራ ናይ ዩኒሰፍ ወኪል ሚስተር ክርስትያን ባልስሽኣሊሰን፡ ብዛዕባ ኩነታት ሕጻናት ዓለም ኣብ ዝዝቲ ዋዕላ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ብሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ህጻናት፡ ኤርትራ ብደረጃ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ከምእትስራዕ ገሊጹ። "ንዓና ዘድልየና ዝናምን ናይ መግቢ ረዲኤትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሕርሻን ኣመጋግባን ለውጢ ክተኣታቶ ኣለዎ" ክብል ንምጉዳል ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ዝግበር ጻዕ ሪ እተሓላለኸ ምዃኑ ኣብሪሁ። "ብመሰረት ስታቲስቲካዊ ጸብጻባት መንግስቲ፡ ካብ ኣርባዕ ተ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዝሒ ትሕቲ 14 ዝዕድሚኦም ሕጻናት ክልተ ሚልዮን ይበጽሕ። ዳርጋ 10% ካብ ሕጻናት ኤርትራ ዘኽታማት ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ዝበዝሑ ብሰንኪ ኩናት ዝዘኽተሙ እዮም። ብደረጃ ኣፍሪቃ መጠን ዝኽትምና ኣብ ኤርትራ ዝለዓለ'ዩ" ክብል ሚስተር ክርስትያን ገሊጹ። "ኣብ ኣመንዝራነት እተዋፈራ ትሕቲ ዕ ድመ ዝኾና ቆልዑ፡ ቁጽረን እናወሰኸ ይኸይድ ምህላውን፤ ዋላኳ ነዘን ትሕቲ ዕድመ ካብ ጎደናታት ንምእላየን እንተተፈተነ፡ ብሰንኪ ድኽነትን ናይ ድሕሪ ኩናት ሳዕቤናትን፡ እቲ ቁጽሪ ይውስኽ ኣሎ" ክብል ሚስተር ክርስትያን ደጊሙ ገሊጹ። ብመሰረት ጸብጻብ ዩኒሰፍ፡ ኣብ ኣመንዝራነት ካብ እተዋፈራ ሓፈሻዊ ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ 5% ትሕቲ 18 ዝዕድሜን ምዃነን ተፈሊጡ ኣሎ ድማ ኢሉ።

ትምህርቲ ንኹሉ ዝብል ኣምር፡ ኣብ ኤርትራ ንምትግባሩ ሓያል ብድሆ ከምዘሎን፡ እቲ ዝለዓለ ጸገም ሕጽረት መማህራን ምዃኑ፡ ሚስተር ክርስትያን ምሕባሩ ይዝከር።

ከምኡ ውን፡ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ ካብ 20-50 ዝኸውን ኤርትራዊ መንእሰይ ዶባት ሰጊሩ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ይስደድ ከምዘሎ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኰይኑ ኣሎ። እዚ ከኣ፡ እቲ ክሰርሕን ክልምዕን፡ ክመሃርን ክምህርን፡ ከፍርን ክፋረን ዘለዎ ውዕውዕ ደም ዝውንን ክፋል ናይ ሕብረተሰብና ምዃኑ ዝስሕቶ ሰብ ዘሎ ኣይመስለናን።

እቲ ካብ ኣፍንጫኡ ኣርሒቑ ዘይጥምት፡ ብውልቃዊ ረብሓታት ጥራሕ እተላዕጠጠ ዲክታተርያዊ ስርዓት ኣስመራ ግን፡ በተን ዝውንነን ናይ ረድዮን ተለቪዥንን ጋዜጣን ኣቢሉ፡ ኤርትራ ብወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣቢላ ስፍርን ቊጽርን ዘይብሉ ናይ ልምዓት መደባት ተካይድ ከምዘላ ወግሐ ጸብሐ ክግዕር ዝስማዕ ዘሎ። ስለዚ፡ እቲ ሓቂ ኣበይ ኢዩ ዘሎ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ናይ ግድን ኢዩ።

ሓው ብርሃን ሓጐስ “ናይ ማእከላይ ክፍለ-ዘመን ፖለቲካ ኣብ መበል 21 ክፍለ-ዘመን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ንሓርነት ዳት ካም ብዕለት 3 ለካቲት 2005 ኣስፊርዎ ኣብ ዘሎ ናይ 10 ገጽ ብእንግሊዘኛ እተጻሕፈ ተንታን ነቲ ሓቀኛ ምጣነ-ሃብታዊ ኵነታት ሃገርና ብወድዕነት ኣቕሪብዎ ኣሎ። እቲ ጽሑፍ ብምሉኡ ኣብዚ ንምስፋር ስለዘጸግም፡ ካብኡ እቲ ምስዚ ኣብ ላዕሊ ሰፊሩ ዘሎ ትሕዝቶ ዝምድና ዘለዎ ጥራሕ ኣሕጺርና ክንገልጾ ኢና።

ሓው ብርሃን ሓጐስ ኣብ ሓተታኡ፡ መኽሰብ (profit) ምስ ውልቃዊ ምዕቋር ናይ ገንዘብ (savings) ተደማሚሩ ናይ ሕብረተ-ሰብ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ክብ ከምዘብል ኣብሪሁ። ናውቲ ማእቶት ንምግዛእ፡ ሆቴላት ንምህናጽ፡ ካልእ ንጥፈታት ንምክያድ፡ ብሓፈሻኡ ንምጣነ-ሃብቲ ናይ ሓደ ሃገር ንምምዕባል መኽሰብ ኣድላዪ ኢዩ ኢሉ። እዚ ክገብር ዘይክእል ምጣነ-ሃብቲ ፍሹል ምዃኑ ድሕሪ ምእማት፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣንጻር መኽሰብ ምብጋሱ ንዕብየት ምጣነ-ሃብቲ ሃገርና ኣብ ናይ ቀረባ ይኹን ናይ ርሑቕ ግዜ ሃሳዪ ምዃኑ ድማ ኣመልኪቱ።

መኽሰብ ምርካብ ኣብ ኤርትራ ኣይተረፈን። እንታይ ደኣ ኣብ ክንዲ ናብ ጁባ ብሕታዊ ጽላት፡ ናብ ጁባ ናይቶም ውሑዳት ወተሃደራዊ መኳንንትን፥ ናይ ህግዲፍ ካድራትን፤ እቲ ዝበዝሐ ድማ ናብ ጁባ ናይቶም ውሑዳት ላዕለዎት ሰበስልጣን ኤርትራ ከምዝኣቱ ኢዩ ተገይሩ ክብል ኣቃሊዑ። ቀጺሉ፡ ብሕታዊ ክፋል ኣብ ገንዘብን ኣመሓዳድርኡን ዘለዎ ንቕሓት ክብ ዝበለ ስለዝኾነ፡ ኣበርቲዑ ብምስራሕ ንዝረኸቦ መኽሰብ፡ ዓቕሩ ኣብ ትርጉም ዘለዎን ዝሓሸን ኣፍራዪን መዳይ ናይ ምጣነ-ሃብቲ ስለዝዋፍሮ ከይዱ ከይዱ ንልምዓትን ዕብየትን ሃገር ዘበርክቶ ግደ ኣለዎ። ወተሃደራትን ካድራትን ስርዓት ኤርትራ ግን፡ እዚ ንቕሓትዚ ስለዘይብሎም፡ ነቲ ዝረኸብዎ መኽሰብ፡ ዘርሞዘርሞ ኢዮም ዘጥፍእዎ። እቶም ውሑዳት ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን እንተኾኑ ውን፡ ነቲ ዝረኸብዎ መኽሰብ ኣብ ናይ ወጻኢ ባንክታት ኢዮም ዘቐመጥዎ። ናይ ወጻኢ ባንክታት፡ ነዚ ገንዘብዚ ኣዋፊሮም ልዕሊ 20% ኣታዊ ይረኽብሉ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ግን 2% ወለድ ኣብ ዓ መት ኢዮም ዝኸፍሉ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ናይ ኤርትራውያን ገንዘብ ኣብ ልምዓትን ዕብየትን ናይ ካልኦት ሃገራት ኢዩ ዝውዕል ዘሎ ክብል ኣጋሊጹ። በዚ ኣገባብዚ እተኣከበ ልዕሊ 600 ሚልዮን ዶላር ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ናይ ወጻኢ ባንክታት ከምዘሎ ይሕብር። ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ህግዲፍ ንመንግስቲ ኤርትራ 300 ሚልዮን ዶላር ከም ዘለቅሐ ድማ ሓጐስ ገብረሂወት (ኪሻ) ተዛሪቡ ምንባሩ ጠቒሱ። እዚ ለቓሕዚ ሎሚ ናብ ህግዲፍ ተመሊሱ፡ ብኡ ኣቢሉ ድማ ናብ ወጻኢ ባንክታት ተላኢኹ ክኸውን ኢዩ ብምባል ድማ ዘለዎ ጥርጣረታቱ ገሊጹ።

እወ፡ መንግስቲ ኢሳያስ፡ “ነጋዶ ሰሲያም፡ ክብሪ ዋጋ ናይ ሃለኽቲ ኣቑሑ ኰነ ኢሎም ኣንሂሮም” ብዝብል ክስታት ናይ ንግዲ ፍቓዶም ኣግዲፉ፡ ቀረጽ ዘይከፈለሉ ኣቑሑ ብመጠኑ ካብቲ ቀረጽ እተኸፍሎ ዋጋ ናይ ኣቑሑ ኣጕዲሉ ክሸይጥን ክልውጥን መኽሰብ ክድልብን ይርከብ ከምዘሎ ኵልና ንከታተሎ ዘሎና ጕዳይ ኢዩ። ስለዚ ሓቂ ኢዩ መኽሰብ ምርካብ ኣይተረፈን። እንታይ ደኣ ካብ ጁባ ናይ ነጋዶን ካልኦት ብሕታውያን ኣውፈርትን ናብ ጁባ ናይ ህግዲፍ ጥራሕ ኢዩ ዝቕይር ዘሎ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ገዛ ክሰርሕ፡ ናይ ጀርዲኑ ፍሬታት ክእክብ፡ ግራት ክዓጽድ ወዘተ ዝደለየ ሰብ፡ ሰኣልቲ ይኹን ሰራሕተኛታት ካብ መንግስቲ ኢዩ ዝጠልብ። ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ድማ፡ ንኣባላት ዋርሳይ ይከኣሎ ብዘይተመጣጠነ ደሞዝ ኣስሪሖም፡ ዝዓበየ መኽሰብ ናብ ጁቡኦም ከእትዉ ኢዮም ዝርከቡ ዘለዉ። ካብዚ ተንታንዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ እናደኸየ፡ ውሑዳት ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ድማ እናሃብተሙ ይኸዱ ከምዘለዉ ንምርዳእ ኣየጸግምን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኤርትራ ትለምዕን ትምዕብልን ኣላ ኢልካ ምዝራብ ዘይከኣል ኢዩ።